በስመ ኣብ ወወልድ ወ መንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!

ኣብዚ ዝቐረባልና ሕቶታት ቅልጥፍ ኢልና መልሲ ዘይምሃብና እቕሬታ ንሓተኩም! ነትነ ቀሪበን ዘለዋ ክልተ ሕቶታት እግዚኣብሄር ብዝፈቐዶ ብድኹም ዓቕምና ኣሕጽር ኣቢልና ክንምልስ፡ 1- ሓደ ነሓሰ ዝጅምር ጾመ ፍልሰታ እንታ'ዩ ትርጉሙ፧

2-ስለምንታይ ስጋ ሓሰማ ዘይንበልዖ፧

**መልሲ፡- 1-** ጾመ ፍልሰታ ሓደ ንሓሰ ዝጅምረሉ መኽንያት ሃዋርያት ኣዴና ድንግል ማርያም ምስ ዓረፈት ስጋኣ ስለዝተሓብኦም ኣብ ብዙሕ ጓሂ ነበሩ ዮሃንስ ወንጌላዊ ግን ካብቲ ዝምህረሉ ዝነበረ ኢስያ ዝባሃል ሃገር ብመንፈስ ቅዱስ ተወሲዱ ክብሪ ኣዴና ድንግል ማርያምን ዘላቶን ርእዩ ተባሪኹ ናብ ሃዋርያት ምስተመልሰ ክጉህዩ ረኺቦም፡ ከምዝርኣያን ስጋኣ ብኽብሪ ከም ዘዕረግዋን ነገሮም፡ ሃዋርያት ካኣ ዮሃንስ ዝርኣዮ ብዘይ ምርኣዮም ሓዘኑ። ክቡር ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካአ ተገሊጹ ስጋኣ ከርእየኩም ልብኹም ደስ ክብሎ ይግባእዩ ኢልዎም ዓረገ፡ ን ሓደ ዓመት ምስተጸበዩ ኸኣ ብ ሓደ ነሓሰ ሃዋርያ ዮሃንስ ንዑ ክልተ ሱባኤ ብሙጻም ንጎይታና ንለምኖ በሎም፡ ክልተ ሰሙን ብጾምን ጸሎትን ሱባኤ ምስ ሓዙ ኸኣ ብ ዓሰርትው ሽዱሽተ ነሓሰ ጎይታ ኢየሱስ ተገሊጹ ንኹሎም ሃዋርያት ንሰማይ ኣውጽኦም፡ ብኽብሪ ብስጋኣ ተዋሃሂዳ ኣብ የማን ክቡር ወዳ ተቐሚጣ ኸኣ ርኣይዋ ኣእዳዋ ኣልዒላ ኸኣ ባረኸቶም ብልቦም ካኣ ተደሰቱ!! በረኸታ ምስ ኩላህና ይኹን!!

ብሕጽር ዝበለ ነዚ ይመስል ንምሉእ ትሕዝቶ ስንክሳረ ወርሒ ነሓሰ 16 ንመልከት።

2-<u>ስለምንታይ ስጋ ሓሰማ ዘይንበልዖ፧</u> መጀመርያ ክንፈልጦ ዝግብኣና ኣሎ፡ ዘፍጥረት7 ግልጺ ገይሩ ኣቐሚጥዎ ኣሎ፡( ንጹህን ዘይንጹህን) ንበልዖምን ዘይንበልዖምን ኽፈልየልና እንክሎ ካኣ ዘሌዋውያን 11ንመልክት(11፡7ሓሰማ ሸኾናኣ ምቑል እዩ፡ መጕስዕ ግና ኣይትመልስን እያ፡ንሳ ንኣኹም ርኽስቲ እያ።) ይብለና!! ኣብ ትንቢት ኢሳያስ 66፡15-17 ከምዚ ይብለና 15 እግዚኣብሄር ንጸላእቱ....16 እግዚኣብሄር ንዅሉ ህዝቢ ዓለም ኪፈርዶም'ዩ። እቶም ዚሞቱ ኸኣ ብዙሓት ኪኾኑ እዮም። 17-<u>እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡- እቶም ንጣኣት ከምልኹ ንገዛእ ርእሶም ዚቕድሱን ዜጽርዩን፡ ንጣኣት ዚተፈልየ እንዳ ኣታኽልቲ ዜዕዱን</u> <u>ስጋ ሓሰማን ኣናጹን</u> <u>ካልእ ዜጸይፍ መግቢ ዚበልዑን ዚጠፍኡሉ መዓልቲ ቐሪቡ እዩ!!</u> ይብለና ካብቲ ዘሎ ብውሕዱ ነዚ ይመስል። ናይዚ መጻርርቲ ዘጋጥሙና ሕቶታት ፍሉጣት'ዮም! ጎይታ ካብ ኣፍ ዝወጽእ እምበር ብኣፍ ዚኣቱ ንሰብ ኣየርክሶን'ዩ ኢሉ'ዩ!! እቲ ጸገም ምሉእ መልእኽቲ ካብ ዘይምንባብ'ዩ፡ ማቴ 15-20 ንመልክት!! ጎይታ ግን ኣቐዲሙ ንሕጊ ክፍጽሞም እምበር ክስዕሮም ኣይመጻእኹን ኢሉ'ዩ፡ማቴ 5፡17 ንመልከት። ሃዋርያ ጳውሎስ መግቢ ንኽብዲ ከብዲ ኸኣ ንመግቢ ኣምላኽ ግን ንኹሉ ከጥፍኦዩ፡ ኩሉ ክበልዕ ከምዝተፈቕዶ ዝመስሎ ኣሎ ...ካልእን ዝብሉ ከጋጥሙና ግድን'ዩ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ከምቲ ኣብ እብራውያን2፡9-እቶም ኣዕኑድ ቤተክርስትያን ተባሂሎም ዚጽውዑ ያዕቆብን ጴጥሮስን ዮሃንስን ካኣ ነቲ ተዋሂቡና ዝነበረ ጸጋ ምስርኣዩ ናይ ሕብረት ምልክት ምእንቲ ክኾነና ንኣይን ንባርነባስን የማናይ ኢዶም ሃቡና። ንሕና ናብ ኣህዛብ ክንሰርሕ ንሳቶም ከኣ ናብቶም ግዙራት ኪሰርሑ ተሰማማዕና። ከምዝበለ ዳርጋ ኩሉ መልእኽትታቱ ናብ ኣህዛብን ጎይታ ከይኣመኑ ብሕጊ ክንጸድቕ ኢና ዝብሉ ዝነበሩን'ዩ ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ክኣ ኣብ 2ይልእክቱ 3፡14-17 (...እቲ ፍቁር ሓውና ጳውሎስውን በቲ ዝተውሃቦ ጥበብ.....16 ንሱ ብዛዕባዚ ነገራትዚ ኪዛረብ ከሎ ኣብ ኩለን መልእኽትታቱ ከምዚ'ዩ ዚገብር ኣብኡ ንምርዳኡ ዜሸግርሓያሎ ነገር ኣሎ።እቶም ደናቑርን ዘይጽኑዓትን ክኣ ከምቲ ነቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዚጠዋውይዎ ንጥፍኣት ገዛእ ርእሶም ይጠዋውይዎ ኣለዉ። ይብለና፡ ዘዕግብ መልሲ ረኺብኩም ክትኮኑ ተስፋ ንገብር፡ ክበርሃልኩም ትደልይዎ እንተሎ ሓብሩና። ኣምላኽ ምስ ኩላህና ይኹን ኣሜን!!!!!